ናይ ቀረባ ራእይና

እዚ ኣብ ኣውስትራሊያ ዚመደበሩ ብኦባማ ቪዥቦን ኦፍ ሆፕ ዚተሰምየ መርበብ ሓበሬታዊ ትካል ፡ዚ፥ ንምጭውቲ ኤርትራዊት ስድራ ቤት ንምኽሳብን ብሓፈሻ፥ ንድኹም ጎድንታት ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ ብመንገዲ ኣምንታዊ መልእኽታት ተስፋ ምሕያልን፥ ኣብ ዘይንቡር ስፍራታት ብዘይ ኣገባብ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ንዚርከቡ ንጹሓት ኣባካታ ንምጥባቕን ከኣ ብፍላይ፥ ዚብል ሓጺር ስትራቲጂካዊ ራእይን ዕላማን ሒዙ ኣብ መፋርቕ 2009 ዓ.ም. ዝተመሓደ ኮይኑ፥ ኣብዚ ግዜ እዚ እናዓበየን እናሰሰንን ዚኸይድ ዘሎን፥ ብህላውነት ኣምላኽኽ ኣዳዕዲዑ ዚኣምንን ናጻ ስድራቤታዊ ትካል እዩ።
እዚ ዚስዕብ ናይ ርሑቕ ስትራቲጂካዊ ትግባረ ራእይን ዕላማን ከኣ ኣለዎ።

ናይ ርሑቕ ራእይና

ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ኤርትራ ይመርሕ ንዘሎ ፖለቲካዊ ሓይሊ፥ ግዚኡ ዘሕለፈ ኮሚንስታዊ ፕሮፖጋንዳዊ ቋንቋ እናተጠቕምካ ንሕዝብኽ እንፈራራሕካን፥ እናኣርዓድካን፥ ካብ ሓቂን ክሙንነትን ንምህዳም ምእንቲ ኪጥዕመካ ኽኣ በብእዋኑ ሓደስቲን ተመሰኽቲን ምስማሳት ከተቕርብ ኣብ ክንዲ ምፍታን፥ ኣብ ሓቂ ኣሚንካ ኣብ ሕዝብኽ ሓልዮትን ፍቕርን ከተርእይን ንጌጋኽ ኽኣ ይቕሬታ ምሕታትን ከምዚሓይሸ ንምትንባህ በቲ ሓደ ሸነኽ፤ ንናይ ዓለምኻኽዊ ሕግታትን ቻርተራትን ብግብሪ ተቐቢልካ ሃገራዊ ቅዋም ኣብ ግብሪ ኣብ ምውዓልን ይኹን፥ ንኘረዚደንታዊ ምርጫ ቅሩብነትካ ኣብ ምግላጽ ከኣ በቲ ኽልኣን ንምዝኽኻርን እዩ።

እዚ ምስ ናይ ሕዝቢ ኤርትራ ሕሰምን መከራን ብሓፈሻ፥ ምስቲ ሓካፍነት ዚመስደኩ ዚሰኣነ ኤርትራዊ ዜጋ ኽኣ ብፍላይ ሓቢሩ ሕሰመ ንምግላጽን ሓካፍነቱ ንምልዓልን ዚመሰነ ናጻ ስድራቤታዊ ትካል እዚ፥ ዘይመንግስታዊን ናጻን ናይ ፍርዲ ኣካላትን ኘረስን ምቋም ግዜ ዘይወሃቦ ጉዳይ ምኂኑ ይኣምንን፥ ምስ ኩሎም ተመሳሳኢ ጸርን ሓካፍነትን ዝተሰነመ ሙልቀሳባት፥ ዘይመንግስታዊ ትካላትን፥ ሰልፍታትን ሓቢሩ ንምስራሕ ቅሩብነቱ ይገልጽን።

<u>መብርሂ</u>፦ ኦባማ ንዚብል ስም ተመሳኺ መብርሂ ንምሃብ እንተድልዩ፥ ናይ ኢያሱ ዓንደሚርያም ሙልቃዊ ሳጓ ጥራይ ምኂኑ ክነብርህ ንደኪ።